# ኤሪትራዊ ኣብ ሽወደን ብሃይማኖትን ዓድን ተፈላልዩ . . . .

*መልሲ ንየማነ ገብረአብ*
ካልኣይ ክፋል

የማነ ገብረኣብ ንፌስቲቫል ሽወደን መጺእካ ኣብ ዝነበርካሉ እዋን ናይ ምትላልን ሓለፍነት ዝጎደሎ ዘረባታትን ሰው ኣቢልካ ምንባርካ ኣብ ቀዳማይ ጽሑፈይ ነቶም ኣድለይቲ ዝበሃሉ ነጥብታት ምላሽ ድሕሪ ምሃብ ነታ ኤሪትራዊ ኣብ ሽውደን ብሃይማኖትን ዓድን ዓሌትን ተፈላልዩ ዝበልካያ ቃል ሽለል ከይበልኩ ከምቲ ኣብታ ዝሓለፈት ጽሑፈይ ቃል ዝኣተኽዋ እንሆ ሎሚ ምላሽ ክህብ እየ::

እቲ ምፍልላያት ኣሎ ድዩ የለን ንጺጋም ገዲፍና እንድሕር ደኣ ምፍልላያት ኣሎ ኢልና ንኣምን ኮይና: "ኣብ ዕጹው ኣኼባ ኤሪትራዊ ብሃይማኖትን ዓድን ተፈላልዩ" ምባል ጥራሕ እኹል ከምዘይኮነን ስለምንታይን መዓስን: ኣየናይ ሃይማኖት ምስ ኣየናይ ሃይማኖት: ወይ ኣየናይ ዓሌት ምስ ኣየናይ ዓሌት እዩ ኤሪትራዊ ብዓድን ሃይማኖትን ተፈላልዩ ኢሉ እዩ ሕቶ ክቀርብ ዝግብኦ ዝነበረ::

ንሕና ኣብ ሽወደን ንነብር ኤሪትራውያን እንተኾነ እውን ስለምንታይ እዚ ርእይቶ ብሕቶ መልኽዕ ሕጂ ብልኡኽ ህግደፍ ቀሪቡ ዝብል ዝያዳ ከገድሰና ይግባእ:: ንምንታይሲ ህግደፍ ከምዚ ኣርእስቲ ከልዕሉ ከለዉ ብሃንደበት ዘይኮነስ ብመጽናዕቲ ክበጽሕዎ ዝደለይዎ ጉዳይ ሰለዘሎ ንዕኡኡ ምድረባይታ ዝኾኖም ምንጻፍ ንምፍጣር ሙኻኑ ክበርህ ይግባእ::

እቲ የማነ ገብርኣብ ዘልዓሎ ኣርእስቲ ምፍልላያት ናይ ሃይማኖትን ዓድን ስለዝኾነ ኣብ ክንዲ ብድፋኑ ንክልቲኡ ኣብ ሓደ ጠሚርካ ትገልጾ ኣብ ክልተ ፈሊካ ምርኣዩ ስለዝሓይሽ ኣብ ክልተ ከፊለ እቲ ሓቂ ምስ ኣብሽወደን ዘሎ ኣዛሚደ ክመይ ይመስል ከብርህ ክፍትን እየ::

## ሃይማኖት::

ኣብ ሽወደን ሃይማኖታዊ ምትእኽኻባት ወይ ጽልኢ ዘለዎ ሃይማኖታዊ ፍልልያት ተሰሚዑን ተራእዩን ኣይፈልጥን::
እወ ኩልና ከም እንፈልጦ ናይ ክርስትና ኣማኒ ናብ ቤተክርስቲያን: ናይ ምስልምና ኣማኒ ናብ መስጊድ ክኸይድ ንቡር እዩ:: እቲ ኽርስቲያን እንተኾነ እውን ኣኣብ ቤተኽርስትያኑ ማለት ኣመንቲ ተውሃዶ ናብ ቤተክርስቲያን ተውሃዶ: ኣብ ናይ ኻቶሊኽ ቤተኽርስትያን: ኣመንቲ ካቶሊኽ ኣብ ናይ ከንሻ ቤተኽርስትያን: ኣመንቲ ከንሻ ተኣኪቦም ብሓደ ጸለት ክገብሩ ናይ ግድን እዩ:: ምትእኽካብ ማለት ግና ኣየስምዕን:: ወይ ንከይንፋላለ ተባሂሉ ተውሃዶን ካቶልኽን ብሓደ ክጽልዩ ኣለዎም ዝብል ወይ ተዋህዶን ከንሻን ብሓደ ጸሎት ክገብሩ ኣለዎም ዝብል እንተሎ ኣጉል ፍልስፍና ጥራሕ እዩ ክበሃል ዝከኣል:::

ገለ ኤሪትራዊ ኣብ ሃይማኖቱ ክጸንዕ ከሎ ገለ ድማ እቲ ሃይማኖቱ ከም ባህሊ ቆጺሩ ጥምቀት, መርዓ ሓዘን ዝኣመሰለ ክርከብ ከሎ ናብታ ዝኣምነላ ቤተኽርስትያን ወይ መስጊድ ይኸይድ:: ከምዚ እንዳበለ ድማ ንነዊሕ ዓመታት ብፍላይ ኣብ ስደት ከይዱን ይኸይድ ኣሎን:: ጸገማት ኣይነበሩን ማለት ግና ኣይኮነን:: ሕጂውን ኣሎ:: ካብኡ ንምጥቃስ ብፍላይ ሰዓብቲ ሃይማኖት ኦርቶደክስን ምስልምናን ምስቲ ዘሎ ብዝሒ ኣማኒ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ኣብ መላእ ሽወደን ብኤሪትራዊ ዝውነን ቤት መቅደስ ወይ መስጊድ

የለን:: አድላይነቱ ስጋዕ ክንደይ እዩ ብዘየገድስ ናትካ ቤተኽርስትያን ወይ መስጊድ ንምግባር ወይ ንምህናጽ ግና ከምቲ ኣብ ዓድና ዝግበር አብ ውሽጢ ሃይማኖትካ ሓቢርካ ቁጠባኻ ከተዕብን ሓገዛት ከተናዲን ገዛ ገዛ እንዳኸድካ ሓጉዙና ክትብል ናይ ግድን ይኸውን:: እዝውን ሃይማኖታዊ ምፍልላያት አየስምዕን::

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስክዎ ኤርትራዊ ኣብ ሽወደን ብፍላይ ድማ አብ ከተማታት ስቶክሆልምን ጎተንበርግን ዝቅመጥ ኑቲ ናይ ቤተኽርስትያን ዘለዎም ሕጽረታት ንምውጋድ ኤሪትራዊ ቤተኽርስትያን ንምህናጽ ብሚልዮናት ዝውድእ መደባት ሓንጺጾም ኣብ ምትግባር ከምዘለዉ መንግስቲ ህግደፍ ስለዝፈልጥ ነዚ መደባት ንምስንኻልን ደው ንምባልን እቲ ዝግበር ሓገዛት አብ ክንዲ ንህንጻ ቤተኽርትስትያን ዝዎል ብሓገዝ መልኽዕ ንመንግስቲ ንኽወሃብ ኣቅሪቦም ዝነበሩ ጠለባት ስለዝተነጸጉ ሙኻኖም ኩልና ንፈልጦ ሚስጢር እዩ::

በዚ እውን አይዓረፉን:: እቲ ቀዳማይ ጠለቦም ምስተነጸገ አብ ክንዲ ዓሪፎም ትም ዝብሉ የማነ ገብረአብ ምስ ሓደሽቲ ሰበስልጣን ኦርቶዶክስ ብሙኻን ንቀሺ ያረድን ንቀሺ ዑቅባይ ዝተባህሉ ሓለፍቲ ቤተክርስትያን ብምድዋል እቲ ናይ ቤተኽርስትያን ምስራሕ መደባት ብአስመራ ከምዝውሰንን እቲ አብ ክልቲኡ ከተማታት ተአኺቡ ዘሎ ገንዘብ ስጋዕ ፍቃድ ዝወሃበኩም ንአስመራ ኽሓልፍ ከምዘለዎ ትእዛዝ አቅሪቦም ከምዝነበሩን አብ ሽቶክሆልም ብኡኡ ክንጸግ ከሎ አብ ከተማ ጎተንበርግ ግና ቀሺ ዑቕባይ ዝተባህለ ጽዩቕ ቀሺ ንትእዛዝ መንግስቲ ከተግብር ፈቲኑ እካ እንተነበረ ብህዝቢ ከምዝተነጸገን ቀሺ ዑቅባይ ብዙሕ ከምዘዕገርገረ አብቲ ከተማ ዝነብሩ አመንቲ ዝምስክርዎ እዩ::

እዚ ሕጂ የማነ አብ ስቶክሆልም ዝተዛረቦ ዘረባን ንሰለስተ መዓልቲ ምስ መራሕቲ ተዋህዶ በቴክርስቲያን ኦርቶዶክስ ኮለል ክብል ዝቀነየ ብዛዕባ ናይ ሃይማኖት ፍልልያ አልዩ እሞ ንምፍታሑ ተገዲሱ ዘይኮነስ ነተን ተአኪበን ዘለዋ ገንዘብ በቲ ዝመደብዎ አገባባ ስለዘይተዓወተ ሓዲሽ ንድፊ ንምውጻእ ንደገፍቲ ህግደፍ አዋፊርካ ብሃይማኖት ምዝራብ ከም ነውሪ ቆጺርካ ነተን ተአኺበን ዘለዋ ገንዘብ ንምምንዛዕ ሙኻኑ ንኩሉ ክበርህ ይግባእ::

ናይ ዝሓለፈ ተሞኩሮ እውን ብዓቢኡ አይተረሰዔን ዘሎ:: አብ 2001 ወይ 2002 ብልክዕ ዓመተምህረቱ አይዝክሮን አቶ ዓብደላ ጃብር አብ ከተማ ስቶክሆልምን አብ ከተማ ጉቶንበርግ ንፋሉያት ሰባት አብ ስቶክሆልም ብአቶ ማና ዝተመረጹ አብ ከተማ ጉቶንበርግ ብአቶ XX ዝተመረጹ ዜጋታት ብምእካብ ካቶሊኻዊት ቤትኽርስትያን አንጻር መንግስቲ ኤርትራ ከምትሰርሕን ስጋዕ አብቲ ዓበይቲ ናይ ካቶሊክ በዓላት ንመንግስቲ ክትዕድም ከምዘይትደሊ ድሕሪ ምብራህ አብ አውሮጳ (ሽወደን) ንዘለዉ ደገፍቶም ኣንጻር ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ንኽለዓዓሉ ጸቂጡ ምንባሩ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ::

ፈሺሎም!! አይተዓወቱን ድአምበር እዚ የማነ ዝብሎ ዘሎ ቅድሚ ሕጂ መንግስቲ ህግደፍን ናይ ሽወደን ጽዩቃት ተሓባበርቱን አብ ሽውጢ ሕብረተሰብና ኣእትዮም ብሃይማኖት ንምፍልላይን ህውከት ንምፍጣርን ፈቲኖም ኔሮም እዮም::

በዚ ኣጋጣሚ ነቶም አብ ስቶክሆልም ምስ የማነ ገብረአብ ተውደኽዱኹ ዝነበርኩም ኣቅሸሽቲ ከንሻን አቅሸሽቲ ተውሃዶን ብፍላይ ድማ ንቀሺ ያሬድ:: ፓትርያርክ ናይ ኦርቶዶክሳዊት በቴኽርስትያን ብዘይገበን ንስለ ክብረት ኤሪትራዊት ኦርቶዶክሳዊት ቤተኽርስትያን: ናይ ኤሪትራ ኦርቶዶክሳዊት ቤተኽርስትያን ክትድፈር የብላን ኢሎም መብጽዕዕም ከይጠለሙ ንቤተኽርስትያን ይሳቀዩላን ይዋረዱላን አብ ዘለዉሉ እዋን

ምስቶም ልኡኻት ሰይጣውንቲ ዝኾኑ ህግደፋውያን ከተውደኽዱኹን አብቲ ፌስቲቫላ ክትባርኹን ይቅረ ዘይበሃሎ ገበን ናይ ምድርን ገበን ናይ ሰማይን እዩ።

ቀሺ ያሬድ ዕድሜኩም ልዕሊ 70 በጺሑ ሓደ እግሩኹም አብ ጉድጋድ ተደኒሱ ክንሱ፡ ከም ፓትርያርክ አብ ክንዲ ኣብ ሃይማኖትኩም ትጸኑን ንሃይማኖትኩም ትከላለሉን ምስ የማነ ገብረአብ ኮፍ ክትብሉን ከም ከልቢ ደድሕሪኡ ኮብ ኮብ ክትብሉ ብዓቢኡ ውርደት ንዛ ቅድቲ ቤተኽርስትያናን ብፍላይ ንኩሉ አማኒ ቤተክርስትያን ኦርቶዶክስን ሽወደን እዩ።

ሳልሳይ ክፋል ይቕጽል